# ንከርከባታት'ዶ ወይስ ንጭውነት

ሃይለ መንገሻ ዑቕበ
ቶሮንቶ፡ ካናዳ

ዲሰምበር 30፡ 2018



ኣቶ መስፍን ሓጎስ
ብዋንነት ንሮቸስተር ኣይኤንሲ ዘቕመ ናይ ሰላሕታ ጠቢብ።

**ካብ ኢ.ፒ.ዲ.ፒ ዝተፈንጨለ ውደብ፡ ብዕሊ ከምዝተመስረተን ግዚያዊ መሪሕነት ከምዝመረጸን፡ ኣብ ዲሰምበር 12፡ 2018፡ ኣብቲ ኣብ መስከረም.ኔት ዝወጸ መግለጺ ተሓቢሩ ነበረ።**

እቲ መግለጺ፡ ቅድመ ግንባራውያን ናይቶም ካብ ኢፒዲፒ ዝተፈንጭሉ ሰባት እዞም ዝስዕቡ ምኻኖም ይሕበር።
1) ተስፋሚካኤል ዮሃንስ፡ 2) ኣለም ዮሃንስ፡ 3) ብርሃነ ገብረክርስቶስ፡ 4) ወልዱ ነጋሲ፡ 5) ኣንቶንዮ ተስፋይ፡ 6) ያሲን ኣብራሂም፡ 7) ክብሮም ግረነት።

ግንባርቶሮንቶ.ኮም፡ ኣብ ጁን 4፡ 2017፡ ኣቶ መስፍን ሓጎስን ኣኻዕየታቱን፡ ኣብ ሮቸስተር፡ ኒው ዮርክ፡ ንኢፒዲፒ ንምጉዝዛይ፡ ሮቸስተር ኣይኤንሲ (Rochester Inc) ዝተባህለ ትካል ኣቑሞም ከምዘለዉ ሓቢሩ ነበረ። ሮቸስተር ኣይኤንሲ፡ ከይዱ ከይዱ ናይ መጨረሻ ጎሉ፡ ካብ ኢፒዲፒ ተፈንጭልካ ካልእ ውድብ ምምስራት ምኻኑ፡ ናይ ግንባር ኣቐባል ሚስጢር ዲፕ ስሮት ሓቢሩ ከምዝነበረ፡ ተዘክሮ ናይ ትማሊ ኢዩ።



ናይ ሮቸስተር ኣይኤንሲ ናይ ደሞልሽን ግብረሓይልታት
ኣቶ ተስፋሚካኤል ዮውሃንስ (ጸ) ምስ ኣቶ ወልዱ ነጋሲ (የ)።

ከመዮ ግንባርቶሮንቶ ሽዑ ዘውጸኦ መግለጺ፡ እንሆ መስፍንን ኣኻዕየታቱን፡ ንሸውዓተ ወርሒ ብዘይ ዕረፍቲ ዳም ዳም ክብሉ

ድሕሪ ምጽናሕ፡ እታ ዑቑብ ዛጊት መስሪቶማ ከምዘለው፡ ምስጢር ዕዳጋ ኮይኑ ይርከብ። መስከረም እውን ወናም ኣስመራቺት ፓጀላኦም ኮይና ከምዝቐነየት ይሕበር። ዲፕ ስሮት ቅድሚ ወርሓት ዝኣተዎ ኣስኮሜሳ፡ ኣማን ብኣማን ግህዶ ኮይኑ ይጭበጥ።



ኢፒዲፒ ብኣድማዕነት ንምፍራስ ናይ ፕሮፓጋንዳ BM-21 ዘዋደደ ወናኒ ቲቪ ሰነድ ኣቶ ኣንቶንዮ ተስፋይ።

ግንባርቶሮንቶ፡ ንዲፕ ስሮት ብምምርኳስ፡ ኣብ ኖቨምበር 23፡ 2016፡ "ኣቶ መስፍን ሓጎስ ካብ ኢፒዲፒ ተሰጕጎም" ዝብል ስብራ ዜና ዘርጊሑ ነበረ።

ናይ ሰላሕታ ጠቢብ ኣቶ መስፍን፡ ቅንዩ ኢሎም፡ ምስ ወናኒ ቲቪ ሰነድ ኣቶ ኣንቶንዮ ተስፋይ ብምምስጣር፡ ናይ ፕሮፓጋንዳ ተወንጨፍቲ ሮኬታት ወርዊሮም ነበሩ። ሽዑ ኣቶ መስፍን ዝተጠቐምሉ ናይ ገጽ ኣድሕን መናውራ፡ "ተወንዚፍካ ዝብል'ዩ'ምበር ምስጓግ ኣይኮነን" ዝዓነቱ ነበረ። ዲፕ ስሮት ግን ካብ ቀደሙ፡ ተኲስካሉ ዝወድቕ ኣይነበረን።

እዞም ሕጂ ካብ ኢፒዲፒ ዝተፈንጨሉ ባእታታት፡ ኣብቲ ዘውጽእዎ መግለጺ፡ ካን ንክውንነታዊ ዓይኒ ደፎኖም፡ ንመሪሕነት ኢፒዲፒ ከምዚ'ሎም ከሲሶም ይርከቡ።

> “ ሰ.ዲ.ህ.ኤ ነቲ ዝኣትዎ ውዕል ሓድነት ሰልፊ ጠሊሙ፡ ውሑዳት ደገፍቱ ኣኸቲሉ፡ ሰልፊ ገዲፉ ከምዝኸደ። ”

ኣሰይኮታ ቅጭን ፖለቲካ ! ብጣዕሚ ዘገርም'ዩ። የሕዋት፡ ምሳኹም ካብ ቀደሙ'ውን ኣይተቓዶናን። ንስኹም ከምቲ ዝማእማኣኩም ኪዱ፡ ንሕና ኸኣኒ ናብ ዝማእማኣና ንኸይድ ኣሎና፡ ንዓኹም ጻዕዳ ንዓና ድማኒ ጻዕዳ ይግበረልና፡ ኢልካ ወረጃ ዘረባ ምዝራብ'ሲ፡ ኣይሓላልን'ዶ?



ኣጋፋሪ ዶ/ር ገብረ ገብረማሪያም
“ኢፒዲፒ ናይ ክልተ ነንበይኖም ተመኩሮታት'ዩ”
እንዳበለ ዘረባ ምጽዓኞ ዝፈቱ ሃሜናዊ መጎታይ።

ብኻልእ መዳይ፡ ተፈንጨልቲ ንኢፒዲፒ፡ ኣብቲ <u>ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ</u> ዝብል ስም ክቆራኞስዎም ንዕዘብ።

ህዝቢ፡ ንኢፒዲፒ ብስም ኣይኮነን ዝመዝኖም፡ እንታይ’ድኣኒ? ብተግባሮም፡ ብትግሃቶም፡ ብመትከሎም፡ ብዕላምኦም ከምኡ’ውን ብውርዝናኦም። ንዓኹም’ውን ብኸምኡ’ዩ ክመዝነኩም። ካባኡ ሓሊፉ፡ ኣብ ተግባር ዘይኮነስ ኣብ ስም ዝቆራኞስ ደረቀኛ ውድብ፡ ከይተምዝነ ምዙን ኢዩ።

ኮታስ! ኩሉ ኣበጋግሳ ኮነ ኣካይዳ ተፈንጭልቲ ዘብርሆ ነገር፡ ንሶም ብኹሉንትናኦም ናይ ከርከባታት ባእታታት ኢዮም። ህዝቢ ኤርትራ፡ ከርከባታት ናይ ፋሺስታዊ ኢሳያስ ኣፈወርቅን ናይ ተቓወምቲ ሕመቕን ኣመና ዒፍ ኢልዎ’ዩ ዘሎ።

ዝርካብካ ሰሚርካ በላዒ ሰብ ንምውጋድ፡ መኸተ ምቕጻል ኣማራጺ የብሉን። ኣይ! ይፍታሓሉ ደቀሺ፡ ንሕና'ስ ተፈንጭልና፡ ሓድሽ ጥዋፍን ሓድሽ ስምን ኣብሪህና፡ ብቕንዕና ክንቃለስ ኢና ንዝብሉ ጭዋታት ኸኣኒ ሜዳ ጎልጎል እንዲዩ። ከርከባታት’ሲ እንታይ ኣድለየ?

ከምቲ ኣጋፋሪ ዶ/ር ገብረ ገብረማሪያም ወርትግ ዝማጎቶ፡ “ኢፒዲፒ ናይ ክልተ ነንበይኖም ተመኩሮታት’ዩ”። ማለቱ ናይ ህግሓኤን ናይ ተሓኤን ተመኩሮታት'ዩ። ኣይፋልካን ኣይብሎን ንዶ/ር፡ ኣነ ግን <u>ኢፒዲፒ ንህግሓኤ ዝተቐበለ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኢዩ</u>፡ ቢለ ይኣምን።

ሰሪሩ ዘሎ ናይ መጭረሻ ሓድጊ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ስለዝኾነ ድማኒ ኢፒዲፒ ከይበታተን፡ ኣበርቲዐ ክቃልስ ናተይ ሓላፍነት’ዩ።

ክብረት ይሃበለይ።